ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራሲያዊ ለውጢ

الوحدة الإرتريه للتغير الديموقراطي

ERITREAN UNITY FOR DEMOCRATIC CHANGE

## ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም ዝተዋህበ መግለጺ ኤስደለ

ነጻነትን ሓርነትን ንምጉንጻፍ ዝተጀመረ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝጅመር እነሆ 65 ዓመታት ኣቝጺሩሎ። ሃገርና ኤርትራ ቀያሕትን ጸለምትን ደቃ ከፊላ ነጻነትና ካብ ትጓናጸፍ እነሆ 35 ዓመታት ሓሊፉ። እቲ ዝገርም ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ሃገርና ጸራሪግና ከነውጽእ ሰላሳ ነዋሕትን መረርትን ዓመታት እኳ እንተሓለፍና፡ እቲ ዝቕጽል ሓርነታዊ ቃልሲ ካብቲ ንነጻነት ዝተኸፍለ መስዋእቲ ንላዕሊ ከኽፍለናዮ ኢሉ ዝገመተ ሰብ እንተልዩ ልዕሊ ሰቡ ክሓስብ ዝኽእል ፍሉይ ፍጥረት ጥራሕ ክኸውን ኣለዎ።

ኮይኑ ግን፡ ድሕሪ ነጻነት ዝተሰደደ ህዝቢ ይበዝሕ፡ ድሕሪ ነጻነት ኣብ ጨካን ምድረበዳ ዘንቀጸምን ዝነደረ ባሕሪ ዝወሓጦምን ዜጋታትና ይበዝሑ። ካልእሲ ይትረፍ ኣብ መዝገብ ስዉኣት ክንረኽቦም ዘይንኽእል ብህግደፍ ኣብ ማእሰርቲ ዝበለዩን ፈቐድኡ ብቓጻ ዝተቐትሉን ዉሑዳት ኣይኮኑን። ብዘይ ክስን ፍርድን መን ኣእሲርዎም እውን ዘይፈልጡ፡ ከም ዝኾነ ኣቐሓ ኣጽንሒልና ተባሂሎም ፈቐዶ ኣስማት ዘይብለን ማእሰርትታት ተዳጒኖም ዘለዉ ዜጋታትና ብዘይካቶም ዕድል ረኺቦም ካብኡ ዝወጹ ንጹር ጸብጻባቶም ካብ ህግደፍ ንጽበዮ ኣይኮነን። እስትሕጋግ ናይቲ ኩሉንትናና ዝኸፈልናሉ ነጻነት እንተኾነ ራህዋን ብልጽግናን እንተወሓደ ከኣ ሰላምን ርግኣትን ክስእን እየ ኢሉ ዝተጸበየ ኤርትራዊ ኣሎ ኢልካ ክግመት ዝከኣል ግን ኣይኮነን።

ብኣንጻሩ ከኣ፡ ህዝቢ ካብን ናብን እኽሊ ተኸልኪሉ ምስ ተባህለ እቶም ብሑቕ ጌርኩም ተሕልፉ ዘለኹም ፈሊጥናኩም ኣለና ከበሃል፥ ማይ ስኢንና እንተበለ ሰብ ናብ ማይ ይኸይድ እምበር ማይ ናብ ሰብ ዘለዎ ኣይከይድን፥ ክበሃል ዝተጸበየ ዜጋ ግን ኣይነበረን። ኣብ ሃገርና ዘይተነግረ እምበር ዘይተገብረ የለን እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ገዛውትኹም ኣዐሪኹም ወይ ቀለም ቀቢእኩም ኢሉ ኣገናዕ ዝብል መንግስቲ እምበር ዝቐጽዕ መንግስቲ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ኣብ ካልእ ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት መጻኢ ዕድል መንእሰያትና ዘጸልመተ ፕሮጀክት ነዊሕዎም ዘምለጡ መንእሰያትና፡ ኣብ ክንደኦም ወለዶም ብገንዘብን ብማእሰርትን ክቕጽዑ ምግባር ብዘይካ ኣብ ኤርትራ ኣብ ካልእ ሃገር ኣይተሰምዐን። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ንክትሰምዖም ዘደንጽዉ ተግባራት ዘርዚርካ ዝውድኡ ኣይኮኑን። ኩነታት መነባብሮ ህዝብና ካብ ሕማቕ ናብ ዝኸፍአ፡ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ካብ ምኻድ ከኣ ደው ኣይበለን። እቲ ሽግር ግን ንሱ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ መንግስቲ ምርጭኡ ኮይኑ ከምኡ ይገብር ኣሎ። እቲ ህዝቢ ከኣ ተለማሚድዎ ኣሎ።

ህዝብና ጸቢብዎ እምበር መዓስ ለሚድዎ ዝብል ሞጎት ገዲፍና እንታይ እሞ ይገበር ኣብ ዝብል ጉዳይ ጥራሕ እንተኣተኮርና ክሓይሽ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውም ማሓንቖ ክላቖቕ እንተድኣ ኮይኑ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘለዉ ዜጋታቱ ተማላሊኡም ክሰርሑ እንተኺኢሎም ጥራሕ`ዩ። ኣብ ውሽጢ ዘሎ ህዝብና ብሰንኪ እቲ ምድሪ-ቤቱን ውሻጠኡን ዝፈልጥ ስርዓት፡ እንታይ ይገብር ጥርሕ ዘይኮነስ እንታይ ይሓስብ እውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምህላዉ ንፈልጦ ነገር እዩ። ደረት ዘይብሉ ጭቑና ግን የለን። ሓደ መዓልቲ እምቢ ኢሉ ኣብ ጎደናታት ወጺኡ ክዕምጽ

ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከምኡ ንኽገብር ግን ደገፍ ይደሊ ኣለናልካ ዝብሎ ሓይሊ ይደሊ። ተራ ናይ ደለይቲ ፍትሒ እምበኣር ካብዚ ንላዕሊ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን።

ደለይቲ ለውጢ ደለይቲ ፍትሒ ዝተቓለስዎ ኣይወሓደን እንተኾነ ግን ኣተሃላልዎኦም ንህዝቢ ኤርትራ ሞራል ዝህብ ኮይኑ ኣይጸንሐን። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተሓረምናዮ ዝተፈላለየ ኣረኣእያታት ናይ ምውናን ዕድላትና ምጥቃም ጽቡቕ እኳ እንተኾነ፡ ውድባት ከራብሕ ብዘይክእል ነኣሽቱ ፍልልያት ውድባት ክራባሓ ምኽነን ግን ምኽኑይ ክኸውን ኣይክእልን። ኣብ ዝሓለፈ ነዊሕ ናይ ተቓውሞ ዓመታት ከኣ ተበታቲንካ ክመጽእ ዝኽእል ቁምነገር ከምዘየለ ብተመኩሮ ዝተመስከረ`ዩ።

ውድብና ኤስደለ ብሓድነት ተመስሪቱ ንሓድነት ዝጣበቕ ውድብ ከም ምዃኑ መጠን ነዚ ሕጂ ብዝተፈላለዩ ውድባትን ጥርናፈታትን ዝውሰድ ዘሎ ናይ ሓድነት ተበግሶታት ብሓንጎፉይ እዩ ዝቕበሎ። ኣብ ኩሉ ንሓድነት ዝጣበቕ መድረኻት ድማ ንምዕዋቱ ኩሉ እቲ ዝከኣሎ ክገብር እዩ።

ብሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ዝተበገሰ ብረታዊ ቃልስናን ኣብ መስርሕ ነጻነታዊ ቃልስን ብድሕሪኡውን ንሓርነትን ደሞክራስን ዝተበጀዉ ኩሎም ዘለኣለም ብኽብሪ ክንዝክሮም ኢና። ይንዋሕ ይሕጸር ተመዝጊቡ ዘሎ ሃገራዊ ነጻነት ጥራሕ ዘይኮነስ ህዝብና ሓርነት ተላቢሱ ስደት ደው ኢሉ ካብ ስደት ንሃገሩ ዝምለሰሉ ኩነታት ክፍጠር ግድን እዩ። ኣብ ጎረባብትን ኣብ ርሑቕ ሃገራትን ተኣምራት ዝሰርሕ ዘሎ ኤርትራዊ ኣብ ሃገሩ ካብኡ ንላዕሊ ክገብር ከምዝኽእል ንተኣማመን ኢና።

ልዑላውነት ሃገርና ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ እዋን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ጉዳይ እዩ። ንልዑላውነትና ምጥባቕ ማለት ነቲ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ህግደፍ ምድጋፍ ከም ማለት ዝቖጽሮ ኣካል እንተልዩ ንሓፍረሉ ኣይኮነን። ማንም ባዕዳዊ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ህዝብና እከይ ክፍጽም ወይ መሬትና ክውንን ኣሕሊፍና ኣይንህብን። በዚ ኣጋጣሚ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝግበር ልዑላውነትና ዝፈታተን ወስታታት ኣጥቢቕና ንኹንን። ህዝብና ብሓርነት ክንድብስ ኢና።

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና

ሓደ መስከረም ዘለኣለም ከቢራ ትንበር

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈ ኤስደለ

1 መስከረም 2026